

# ዮሃና

ቅድሚ ኩሉ ሰላምታ ይብጽሐኩም
ፍቕሪ ሃገር ምስ ልብኹም ዝጸሐፍኩም
ንዋርሳይ ይካኣሎ ኣጆኻ ኣለና ዝበልኩም
ምስ መንግስትናን ህዝብናን ዝሓበርኩም
እንቃዕ ን17 ዓመት ጽንብል ኣብጽሐኩም
ኤርትራዊት ሃገርና ናይ ቀደምና
መሬትና መሬት ናይ ፍጥረትና
በቦታትና ዝተረከብናዮ ፍሉጥ ዶብና
ኤርትራዊ ሃገር ንሱዩ ንባድመ ወሲኽና
ነቲ ኸፍኣት ንተበላጽነት ጸራሪጋ
ንኹሉ ኤርትራዊ ዓላማ ኣዕጢቓ
ንዝነበሩ ባዕዳውያን መግዛእቲ ኣውዲቓ
ጸልማትና ጠፊኡ ጸሐይና በሪቓ ጸቢቓ
ርኣይዋ ኤርትራና ብስራሕ ኣብረቕሪቓ
መሬታ ኩሉ ብወርቂ ተነዲቓ ደሚቓ
ብጻዕሪ ብስራሕ ከምዝመጽእ ጥጡሕ ሂወት
ጥሜት ይኹን ሕማማት ከጠፍእ ካብመሰረት
ርኣይዎም ሆ ክብሉ ዋርሳይ ይካኣሎ ብሕብረት
ንመትከሎም ከተግብሩ ንራህዋ ሰላም ቅሳነት
ኣርኣያ ክትከውን ኤርትራና ብነብሳ ዝሐደረት
ኣዴታት ኣቦታት ብሓባር ክጻወቱ ክሰራሰሩ
ዝሐለፈ ታሪኽ ግፍዕን ታሪኽ መከራን እንዳዘከሩ
ንናይ ሎሚ ሰላምን ራህዋን ናጽነትን ከስተማቕሩ
ኣብ ኩሉ ኤርትራና ሸናዕ እንዳበሉ ክዛወሩ
ብሃገርካን መንነትካን ኩርዓት እዚዩ ሚስጢሩ
ኤርትራዊ ፍጡር ሓደ ልቢ ሓደ ደም
ንሃገሩ ጽቡቕ ገይሩ ክሐልፍ ዝቀዳደም
ጽንዓት ሰኒቑ ንተስፋ ጠሚቱ ዝስጉም
ባንዴራና ከተንበልብል በሪኻ ኣብዓለም
ኣብ ዝኾነ ቦታ ይሃሉ ሓደ ዝእምነቱ
ብሰማይ ይኹን ብባይታ ከቲቱ ሞጊቱ
ንኤርትራዊት ሃገሩ ብጽቡቕ ራእይ ጠሚቱ
ኩሉ ኤርትራዊ ፍጡር ሰላም ደላይ
ብተግባሩን ብስርሑን ንሐቂ ሰኣላይ
ንጸላእቱ ዝደምሰሰ ተዋጋኣይ ሳዕሳዓይ
ክልተ ዝእምነቱ ክርስትያን ኣስላማይ
ሕድሪ ሃገር ተቐባሊ ዓላማይ ደባላይ
ዮሃና ንጽኑዕ ህዝብናን ዉሕሉል መንግስትናን
ከምኡውን ነቶም ጻዕራማት ይካኣሎን ዋርሳይን
ንሃገሩ ተኸላኸላይን ኣፍራይን ሃናጺ ሰራዊትን
ንናይ ጸላኢ ውዲታት ቀበርትን ሐምሸሽትን ተኸላኻላይን
ግንቦት 24 መዓልቲ ሰላም ራህዋ ክብረት
ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ጽንብል ናጽነት
ዮሃና ንኹሎም ኤርትራውያን ብሕብረት

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል